ቆልዑ ኣብ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ንኽሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ መደባት

ኮንቲገንት ፋንድ እንታይ ማለት ኢዩ፣

ቀንዲ ዕላማ ናይዚ፥ ንኹሎም ኣብ ከተማ ፖሽግሩን ዚነብሩ ቈልዑን መንእሰያትን ኣብ ሰሙናውን ስሩዕን ንጥፈታት ንኺሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ ወይ ምጉዳል ዋጋ ንምሃብ እዩ ።

እዞም ጒጅለ እዚኣቶም ብሰንኪ እቲ ኣብ ስድራቤት ዘሎ ኣጸጋሚ ቍጠባዊ ኹነታት ነቲ ንጥፈታት ንምኽፋል ገንዘባዊ ሓገዝ ዘድልዮም ካብ 4-20 ዓመት ዝዕድሚኦም ቈልዑን መንእሰያትን ኢዮም።

እዚ ኣብ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ንኽሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ መደባት፥ ነቶም ኣብ ቀዋሚ ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ተሳትፎ ንምሽፋን ደገፍ ይህብ፣ ንኣብነት ክፍሊት ኣባልነት፣ ክፍሊት ተሳታፊ፣ ክፍሊት ምንቅስቃስ ኣካላት፣ ክፍሊት ስልጠና ኮርስ ወዘተ፥ (ንመሳርሒታት ዝኾነ ደገፍ ኣይወሃብን እዩ።)

እቲ ህጻን/መንእሰይ ኣብ ዓመት ክሳብ ３０００ ክሮነር ዚወጽእ ወጻኢታት ኪኽፈሎ ማለት ሓገዝ ክወሃብ ይኽእል እዩ።

ከመይ ጌርካ ተምልከት ወይ ተሓትት፡

ነዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሊንክ ብምጥዋቕ ነቲ ኤልክትሮኒካዊ መመልከቲ ቅጥዒ ምልእዎ :

https://kommune24-7.no/0805/0805_6

ወለዲ ንደቆም የምልከቱ፥ ዕድሚኦም １６ ዓመት ዝበጽሑ መንእሰያት ግን ባዕሎም ከመልክቱ ይኽእሉ ኢዮም።

እቲ መመልከቲ ወረቐት ናይ ትርፊ ግዜ ንጥፈታት ንኽሳተፉ ገንዘባዊ ደገፍ መደባት ኽሳዕ ዚውዳእ ብቐጻሊ እዩ ዚስራሕ።

መተሓሳሰቢ! ኣብቲ መመልከቲ ክትእቱ ከለኻ፥ ክንከፍለልካ እትደልዮ ናይ ክፍሊት ፋክቱር ምስኡ ብሓንሳብ ገርካ ስደዶ፥ ኣይትረስዕ።

ዝኸፈልካዮ ፋክቱር እንተድኣ ኾይኑ ግና ኣይንመልሰልካን ኢና፥ እዚ ማለት ባዕልኻ ከፊልካዮ ኣለኻ።

ብዛዕባ እቲ ውጥን ወይ መድብ ሕቶታት ኣለኩም ዶ፧

ነቲ ፎርም ብኤለክትሮኒካዊ መገዲ ንምምላእ ዲጂህልፕ ዝበሃል ኣብ ቤት ጽሕፈት ኣገልግሎት ዝህባ መንግስታዊ ትካላት ወይ ኣብ ቤተ - መጻሕፍቲ ክትጥቀሙ ትኽእሉ።

ካልእ ሕቶታት ምስዝህልወኩም ናብዚ ኣብ ታሕቲ ዘሎ ሓበሬታ ክትሰዱ ትኽእሉ፤

ኢ-መይል anne.ellingsen@porsgrunn.kommune.no ወይ ተሌፎን 482 75 284

ክፍሊ ንጥፈታት--ኲሉ ዚሓቍፍ ባህልን ንጥፈታትን

እዚ መደብ እዚ ብክለብ ፖሽግሩን ኪዋኒስ ዝድገፍን ዝተዳለወን እዩ።